# ፫ይ ሰንበት ዘአስተርእዮ
## 2 የካቲት 2017 ዓ.ም.(2/9/25)

**መዝሙር፡** ተወልደ ኢየሱስ በቤተልሔም ዘይሁዳ... ኢየሱስ ብዓቢ ክብሪ ካብ ድንግል ኣብ ቤተልሔም ዘይሁዳ ተወሊዱ፥ተወሊዱ ተጠሚቑ ብልደቱ ምእንቲ ክንሕጎስ ብግልጸቱ ደስ ክብለና ሰንበት ንዕረፍቲ ሰርዐ።

**ንባባት፡** 1ቆሮ 7፡32-35፥ 1ጴጥ 1፡13-22፥ ግ.ሓ. 19፡1-10፥ ማቴ 5፡13-16

**ምስባክ፡** ኣምጽኡ ለእግዚአብሔር በሓውርተ ኣሕዛብ፡ኣምጽኡ ለእግዚአብሔር ክብረ ወስብሓተ፥ ኣምጽኡ ለእግዚአብሔር ስብሓተ ለስሙ። መዝ 29፡1-2።

ዘመን ዘአስተርእዮ ኢና ዘሎና፥ ወዲ ኣምላኽ ከማና መሲሉ ፍቕሪ ኣምላኽን መገዲ ድሕነት ክገልጽ ኣብ ኣመንጎና ዝኃደሮ ዝሕብር ቅዱስ እዋን ኢና ዘሎና። ኣብ መዓልቲ ሰንበት ኣብ መስዋዕቲ ቅዳሴ ሓቢርና ክንጽሊ ከሎና ኣብ ዝለዓለ መግለጺ ፍቕሪ ኣምላኽ ንርከብ። ኣምላኽ ብርእሱ ሰዋዕን ተሰዋዕን ኮይኑ ይቐርበና ስለዚ ነዚ ርኡይ ግለጸት ተረዲእና ብወገና ንጣዕሚ ፍቕሪ ክንስተማቕር እሞ ኣብ ትሕቲ ሥልጣን ኢየሱስ ክነብር ፍቓደኛታት ክንከውን።

ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ሰናብቲ መጀመርያ ኢየሱስ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ብዮሓንስ ከም ዝተጠምቀን፥ ትርጉምን ዓላማን ተልእኮኡ ከም ዘስተምሃረ፥ ከምኡ ምስኡ ኮይኖም ነቲ ንሱ ዝገበሮ ዝገብሩ ቀዳሞት ኣርድእቱ ከም ዝሓረየ ርኢና። ኣብ ናይ ሎሚ ሰንበት ከአ ተልእኮኡ ብዕሊ ከም ዝጀመረ እሞ ነቶም ቀዳሞት ኣርድእቱ ሓላፍነቶም ክለብሱ መንነቶም ከም ዝገለጸሎም ክንሰስተንትን ኢና።

ኢየሱስ ንሓዋርያቱን ነቶም ዝሰምዕዎ ዝነበሩ ብዛዕባ ትምህርቲ ብፅዕና ኣብ ዘስተምሃሮ ኣብ ሕይወት ነፍሲወከፍ ኣማናይን ሰማዕን ለውጢ እንተ ዘየምጽአ ዋጋ የብሉን። ክርስትያን ጥዑይ ንፋዕ ምኺን እኹል ኣይኮነን፥ ብሓቂ እንአምኖን እንነብሮ ከምዝኾና ኣብ ሕይወትና ኣብ ግብርና ኮታስ ኣብ ኩሉ ርክባትና ክርአ ኣለዎ። መንፈሳዊ ምኺን ንስምዒታትና ኣዕጊቡ ሰላምን ቅሳነትን ጥራሕ ዝህብ እኹል ኣይኮነን። ናይ ወንጌል መንፈሳውነት ቀንዲ ነገሩ ኣብ ርእስኻ ጥራሕ ዝተርፍ ዘይኮነ ንኻልኦት ዝበጽሕን ብኻልኦት ተራእዩ ልቢ ሰባት ተንኪፉ ኣብ ክርስቶስ ዝመልስ ክኸውን ይግባእ። ኣርድኢቲ ክርስቶስ ጥራሕ ኣይኮናን ክንከውን ዘሎና ክንሰብኮ ክንምስክሮ ካልኦት ንክርስቶስ ኣብ ሕይወትናን ግብርናን ርእዮም ክኽእሉ ኣለዎም። እሞ ሎሚ ሰባት ኣባይ መን ይርእዩ ኢልና ንርእስና ክንሓትት እዋኑ እዩ። ግብርና ስምዒትና ውሽጣዊ ርድኢትናን ምስ ሰባት ዘሎና ርክብ ናይ ክርስቶስ ምኺና ዝገልጽ እንተ ኾነ ብርሃን ኮና ኣሎና ንዝርእዩና ኣብ ክርስቶስ ንወስዶም ኣሎና እዚ ኸአ እሙናት ኣገልገልቲ ክርስቶስ ዝገብረና።

**ጨው ምድሪ ኢኹም።**

ጎይታን ኢየሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ ብፅዕና ድሕሪ ተዛሪቡ ብዝተፈለለየ ኣምሳል ገሩ ንስኹም ንምድሪ ጨዉ ኢኹም እናበለ ነጊርዎም። ኣብ ጥንቲ ዘመን ጨው ክቡር ዋገ ዘለዎ እዩ ነሩ። ግሪኻውያን ንጨው መለኮታዊ ይብልዎ። ሮማውያን ዕብየትን ጥቕምን ጨው ኽገልጹ እንከለዉ ካብ ፀሓይን ጨውን ንላዕሊ ዝጠቅም ነገር የለን ይብሉ። ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ጨው ምስ ናይ ሰባት ኣእምሮ ዝተተሓሓዘ ሰለስተ ፍሉይ ዓይነታት ከም ዘለዎ ይርአ ነሩ።

1. **ጨው ምስ ንጽሕና ዝተተሓሓዘ እዩ።** ሮማውያን ጨው እቲ ዝጸረየ ካብ ኩሎም ነገራት እዩ ይብሉ ምኽንያቱ ካብ ኩሉ ዝጸረየ ካብ ፀሓይን ባሕርን ስለ ዝመጽእ ይብሉ። ጨው ካብቶም ካብ ጥንቲ ከም መባእ ንኣማልኽቲ ዝቐርብ ዝነበረ እዩ፥ በዚ እዩ ክሳብ ሕጂ ኣይሁድ መስዋዕቲ ክቐርቡ እንከለዉ ጨው ምስኡ የቕርቡ። ስለዚ ክርስትያን ጨው ምድሪ ክኾኑ እንተ ኾይኖም ኣብነት ንጽሕና ጽሬት ክኾኑ ኣለዎም። ክርስትያን ዝልዓለ

ንጽሕና ኣብ ኩሉ ክህልዎ ይግባእ ኣብ ዘረብኡ ኣብ ኣተሓሳስብኡ፥ ኣብ ሓቂ ዝጸንዕ ንዝኾነ ክፉእ ሓሳብን ግብርን ዘይቅበል ክኸውን ይግባእ።

2. **ኣብ ጥንታዊ ዘመን ጨው ንነገራት ንነውሕ ጊዜ ከይተበላሸው ክዕቀብ ዘኽእል እዩ።** Plutarch ዝተባህለ ናይ ታሪኽ ሰብ ከም ዝብሎ ሥጋ ምዉት ናይ ምዉት ሰውነት ክፍሊ እዩ፥ ከምዘልኦ እንተ ሓደግናዮ ኣብ ሓጺር ጊዜ ይበላሾ፥ ጨው እንተ ተገብረሉ ግን ከይተበላሸወ ከም ዘለዎ ከም ዝጸንሕ ይገብሮ። ከም ሓዳስ ነፍሲ ኣብ ዝሞተ ሰውነት ምእታው እዩ ይብል። ስለዚ ጨው ነገራት ካብ ምብልሻው ይዕቅብ። ክርስትያን ጨው ምድሪ ክኾኑ እንተ ኾይኖም ኣብ ሕይወት ዘየበላሹ ጽልዋ ክህልዎም ይግባእ እዚ ኸአ ዝነጽሑ ካብዝኾነ ንሕብረተ ሰብን ንግለ ሰባትን ዘበላሹ ነገራት ክገብሩ የብሎምን። ዓቀብቲ ሓቅን ሰላምን ክኾኑ ይግባእ። ምስ ዝነፈሰ ዝነፍሱ እንተ ኾኑ ዓለም መቐረት የብላን፥ ስለዚ ረዘንቲ እርኑባትን ሰብ ፍትሕን ክኾኑ ይግባእ።
3. **ጨው ዝዓበየ ጥቕሙ ወይ መለለይኡ ንነገራት መቐረት ይህብ።** መግቢ ብዘይ ጨው ጥዑም ኣይኮነን ክትበልዖ የጸግመካ፥ ኣብ ኣዘራባና ኣብ ሕብረተሰብ ክህሉ ዘለዎ ክንገልጽ እንከሎና ስነስርዓት ዘይብሉ ህዝቢ ከም ጨው ዘይብሉ ምግቢ እዩ ንብል እዚ ኸአ ጨው ንመግቢ ጣዕሚ መቐረት ከም ዝህቦ ክርስትያን ከአ ከምኡ ክኸውን ኣለዎ። ክርስትና ንሕይወት መቐረት ይህቦ። እቲ ዘሕዝን ሰባት ንክርስትና ብኽምዚ ክንዲ ዝርእይዎ ብኣንጻሩ ክርእይዎ እንከለዉ እዩ፥ ከም ሓደ ንህዝቢ ዘበላሹ ሓቂ ዘይብሉ ዘደናግር ገሮም ክርእይዎ ከለዉ እዩ፥ በዚ ክርስትና ኩሉ ጊዜ ኣብ ስደትን እገዳን ከጥፍኡና ምስ ዝደልዩ ንነብር። ከም ብዓል ካረል ማርክስ ዝብሃል ናይ ቍጠባ ፈላጥ ዝብሎ ክርስትና ሓሹሽ ህዝቢ እናበለ ይገልጾ እዚ ግን ትርጉም ክርስትናን እንታይነቱን ብዘይምርዳእ ዝብሃል እዩ። ኩሎ ኣብ ዓለም ዘሎ ምዕባሌ ሳላ ክርስትና እዩ መጺኡ። ብፍላይ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ኣብ ዓለም ዝለዓለ ስርዓት ትምህርቲ፥ ሕክምና፥ ምሕደራ፥ ንኣረጋውያንን ሕሙማትን ፍሉይ ሓልዮት ኮታስ ኩሉ ምዕባሌ ኣእትያ ስለዚ ክርስትና ንሰባት ዘማዕብል ንሰብ ሰብ ከምዝኸውን ዝገብር እዩ።

ከም ክርስትያን ንዝጠፍአ ክርስትያናዊ ብርሃና መቐረትና ክንረክብ ክንመልሶ ኣሎና። ኣብዛ ጭንቅን መከርና ዝመልኣት ዓለምና ክርስትያን ኢና ብዝያዳ ክንዕርያ ዝግብኣና። ጨው መቐረቱ እንተ ኣጥፍአ ንግዳም ይድርበ ይብለና ኢየሱስ። ነዚ ክንርዳእ ታሪኻዊ ኣመጻጽኡ ክንፈልጥ ጽቡቕ እዩ ማለት ኣብ ሃገረ ፍልስጥኤም እቶን መግቢ ኣብ ኣፍደገ እዩ ዝግበር እቲ እቶን ብብርቱዕ ሙቐት ከይበላሾ ብናይ ጨው እምኒ ይኽድንዎ ድሕሪ ጊዜ ግን እዚ መኸደኒ ብእምኒ ጨው ዝተሰርሐ ተበላሽዩ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ይኸውን ሽዑ ኣብቲ ጥቓ ገዛ ዘሎ መገዲ ይጉሓፍ ሰባት ከኣ ይረግጽዎ በዚ እዩ ኢየሱስ ጥቕሚ ዘይብሉ ጨው ኣብ መገዲ ይጉሕፍዎ ዝበለ፥ ሰማዕቱ ጽቡቕ ገሮም ይርድእዎ ነሮም።

ቀንዲ መልእኽቲ ኢየሱስ ዘይጠቅም ነገር ዕንወት እዩ ዝዕድም። ክርስትያን ከም ክርስትያን ዓላምኦም ዘየማልኡ እንተ ኾይኖም ኣብ መገዲ ዘይረብሑ ምኺን እዮም ዘምርሑ ዘለዉ። ንሕና ጨው ምድሪ ክንከውን እዩ ድለት መድኃኒና፥ ኣብ ሕይወት ንጽሕና እንተ ዘይኣምጻእና ዕንወት ጥፍኣት ኢና ንዕድም ዘሎና። ንክርስትያናዊ ዓላማናን እምነትና ዝፈታተን ነግር ክንተግሃሉን ክነስተውዕሉን ኣሎና ምኽንያቱ ብቐሊል ወደቕቲ ስለ ዝኾና።

ሓደ ኣገዳሲ ልምዲ ኣብ ኣይሁድ ነሩ። ሓደ ኣይሁዳዊ እምነቱ ሓዲጉ ኣብ ካልእ እንተ ኣመነ ግን ድሕሪ ገለ እዋን ተጣዒሱ ክምለስ እንተ ኾነ ናይ ጣዕስኡን ንስሕኡን ምልክት ኣብ ማዕጾ ኣፍደገ ቤተ ጸሎት በጥ ይብል እሞ ኩሎም ኣብ ቤተ ጸሎት ዝኣትዉ ረጊጾሞ ይኣትዉ በዚ ኣብ እምነቱ ይምለስ። ቀዳሞት ክርስትይን ነዚ ኣብነት ብምውሳድ ንገለ ክርስትያን ዝነበሩ እምነቶም ዝኸሓዱ እሞ ተጣዒሶም ክምለሱ እንተ ሓተቱ ቅድሚ ምቕባሎም ኣብ ኣፍደገ ወይ ማዕጾ ቤተ

ክርስትያን በጥ ይብሉ ሰብ ክአቱ እንክሎ ረጊጽዎም ይሓልፍ ምኽንያቱ እዚ ሰብ መቐረቱ ዘጥፍአ ጨው እዩ ክርገጽ አለዉ ብሓዲስ አብ እምነት ክቕበልዎ። አብዚ ዘመና ከምኡ እንተ ትእውጅ ቤተ ክርስትያን ከመይ ምተሰምዓና?

አባና ክንምለስ ብሓቂ ዶ ከምቲ ክርስቶስ ዝደልየና መቐረት ሂብናያ አሎና ነዛ እትሕመስ ዓለምና? ብሓቂ ዘሕስብ እዩ ነቲ ብጥምቀት ዝአቶናዮ ማሕላ ኪዳን ነቲ አብ ኪዳናዊ ሕይወት ዝአቶናዮ ኪዳን ንኹሉ እናጠለምና መቐረትና ዘጥፋእና ውሑዳት አይኮናን። መቐረተይ ክመልስ እንታይ እግበር ክንብል አሎና። አብ ልብና አቲና ነቲ ምስ አምላኽን ሰብን ፈልዩና ዘሎ ኃጢአትና ክፍአትና ኩሉ ብንስሓ ንሕጸቦ ሽው አብ ንቡር ጣዕሚ ጨውና ክምለሰና እዩ።

## ብርሃን ዓለም።

አብ ዓለም ብርሃን ሓደ ካብቲ ቀንዲ ጥቕሚ ዘለዎ አምላኽ ዝሃበና ህያብ እዩ። ኢየሱስ ምስ ተወልደ ብርሃን አብ ዓለም መጽአ ይብለና እዚ ኸአ ነቲ ኢየሱስ ዘምጽአልና ጸጋን በረኸትን ክገልጸልና ኢሉ እዩ። አብ ኢየሱስ ምእማን ምስኡ ምንባር ማለት አብ ብርሃን አብ ሓቅን ሰላምን ምንባር ማለት እዩ። ኢየሱስ ንሱ መን ምዃኑን ንሕና እውን ክንኮና ዘሎና ኽገልጽ እንክሎ ንሓደ ብዕውሩ ዝተወልደ ካብ ዑረቱ ከሕውዮ እንክሎ አብ ዓለም ከሎኹ ብርሃን ዓለም አነ እየ (ዮሓ 9፡5) እናበለ አሕውይዎ። ንሰዓብቱ ብርሃን ዓለም ኢኹም ክብሎም እንክሎ ከምኡ ልክዕ ክኾኑ እዩ ዝብሎም ዘሎ። ተልእኮና ንሰባት ብርሃን ኮና ክርእዩ ከምዝኽእሉ ጽቡቕን ክፉእን ከም ዘለልዩ ምግባር እዩ። ዝርኢ አይዕንቀፍን እዩ ዘይርኢ ግን ዝኾነ ጸገም ናይ ምውዳቕ ክጓነፎ ይኽእል ስለዚ ንርእስና ርኢና ንኻልኦት ክርእዩ ክንሕግዝ ናይ ሎሚ ቃል አምላኽ የዘኻክረና።

ኢየሱስ ነዚ ቃላት ክብል እንክሎ ሰማዕቱ ጽቡቕ ገሮም ይርድእዎ ነሮም ምኽንያቱ አብ ባህሎም ከምኡ ዝብል አዘራርባ ነርዎም። ንአብነት ንኢየሩሳሌም መብራህቲ አረማውያን ኢሎም ይጽውዕዋ ነሮም። ንሓደ ውሩይ መምህሮ ራባይ መብራህቲ እስራኤል ኢሎም ይጽውዕዎ። እዚ አበሃህላ ነቲ አይሁድ ዝብልዎን ኢየሱስ ዝበሎን ክንርዳእ መገዲ ክኸፍተልና ይክእል።

ኢየሩሳሌም መብራህቲ አረማውያን ክብሃል እንክሎ ካብ አምላኽ ካብ ላዕሊ ዝተዋህባ እዩ። ህዝበ አምላኽ ዝበርሃሉ ዝተለቅሕዎ ካብ ካልእ ዝተውህቦም እዩ። አብ ክርስትና እውን መብራህቲ ኢና ክብሃል እንክሎ ባዕልና እንፈጥሮ መብርሃቲ ዘይኮነ ዝተዋህበና እዩ። ንሕና ናይ እቲ ቀንዲ ብርሃን ነጸብራቕ ኢና። እቲ አባና በሪሁ ዝርአ ካብቲ ክርስቶስ አብ ልብና ሓዲሩ ዘሎ እዩ። ንሓንቲ መርዓት ተወሊዓ በሪሃ ንብል እንተ ኾነ እዚ መብራህቲ ካብቲ አብ ልባ ዘሎ እዩ ምንጩ።

### ኢየሱስ ንክርስትያን ብርሃን ዓለም ኢኹም ክብሎም እንክሎ እንታይ እዩ ትርጉሙ፡

- መብራህቲ ቅድም ቀዳድም ዝርአ ክኸውን አለዎ። አብ ጸላም ክንርኢ መብራህቲ ንገብር ብእኡ ንርኢ እቲ መብራህቲ ኸአ ብማዕዶ ይርአ። ክርስትና ማለት ክርአ ዘለዎ ማለት እዩ። አብ ክርስትና ሕቡእ ነገር ዝብሃል የለን ግሉጽ ብሩህ እዩ ክኸውን ዘለዎ እምበር ዝሽፈን የብሉን። አብ ዓለም ግብሪ ክርስትያን ሕያውን ርእዩን ክኸውን አለዎ፥ እዚ ከአ አብ ኩሉ ዝጓነፈና እዩ። አብ አዘራርባና ምስ ሰባት አብ እንራኸበሉ፥ አብ ዝንአሰን ዝዓበየን ስራሕና አብ ቤተ ክርስትያን ከም ዘሎና አብ ኩሉ ርኡይ ክኸውን አለዎ። ኢየሱስ ብርሃን ቤተ ክርስትያን ኢኹም አይበለን ብርሃን ዓለም ኢኹም እዩ ኢሉና እዚ ኸአ ክርስትናና አብ ኩሉ ግሉጽን ብሩህን ክኸውን አለዎ ማለት እዩ።
- ብርሃን ሓባሪ መረሓይ እዩ። አብ ባሕሪ ንመራኽብ አብ መዕርፎ ነፈርቲ ብማዕዶ ዝሕብር መብራህቲ ይግበር። አብ ከተማ እንነብር መብራህቲ እንተ ዘየሎ ጎደናታት ክንፈልጦም አጸጋሚ እዩ። መብራህቲ መገድና ብጽሩይ ክንርኢ ዝገብር እዩ። ክርስትያን ንኻልኦት ንጹር መገዲ ከምዝኸዱ ዝገብር እዩ። እዚ ማለት አብ ኩሉ

ጥዑይ ኣብነት ክኸውን ኣለዎ። ዓለም ልዕሊ ኹሉ ዘድልያ ጥዑያት ሰባት ናይ ጽቡቕ ነገር መተሓላለፍቲ ዝኾኑ። ጸልማት ክፍኣት ኣብ ዝበዝሓሉ ብሓቂ ደፋራትን ቅኑዓትን ሰባት ዝመርሑ የድሊ ኣይኮነ ግን ተተሓሒዝካ ጥፍኣት እዩ። ኣብዛ እንነብራ ዓለም ደፊሮም ንሓቂ ዓው ኢሎም ክዛረቡ ኽገብሩ ዘይክእሉ ብዙሓት ኣለዉ ኣብ ከምዚ እዩ ጥዑይ ክርስትያን ንሓቂ ዝነግር ንጌጋ ደፊሩ ዝዛረብ ክህሉ ዝግባእ። ሰባት መራሒ ኣብ ቅኑዕ መገዲ ዝመርሕ እንተ ረኺቡ ይስዕብዎ። ስለዚ ክርስትያን ዝደኸሙ ብዝኾነ ምኽንያት ንሓቂ ደው ክብልሉ ኣብ ዘይክኣሉሉ መሪሕነት ክወስድ ይግባእ። በዚ ምኽንያት ዓለም ዝመርሓ መብራህቲ የድልያ። ብዙሓት ሰባት ኣለዉ ብባዕሎም ክገብርዎ ዘይክእሉ ሓደ ክመርሖም ዝጽበዩ ስለዚ ክንመርሕ ግቡእና እዩ።

- **መብራህቲ መጠንቀቕታ ክኸውን ይክእል እዩ።** ኣብ ቅድሚት ሓደጋ እንተሎ ናይ መጠንቃቕታ መብራህቲ ይግበር ሽዑ ሰብ ነቲ መብራህቲ ርእዩ ይጥንቀቕ። ክርስትያን ንኻልኦት መጠንቀቕታ ክህቦም ግቡኡ እዩ። እዚ ብዙሕ ጊዜ ከቢድ እዩ፥ ኣብ ገለ እዋን ካብ ዘምጽኦ ጥቕሚ ጉድኣት ዘምጽኦ ክበዝሕ ይክእል። እንተ ኾነ ደፊርና ክንገብር እንተ ዘይክኣልና ብሓቂ ከቢድ ምኾነ። ኣብ ገለ ኣዘራርባ ብዙሓት መንእሰያት ንወለዶም ወይ ሰብ ጽቡቕም ክዛረቡ እንከለዉ እዚ ኮይነዮ ዘሎኹ ንስኻ/ኺ ጸኒዕካ ንኹሉ ጸርካ እንተ ዘይትቃለስ ኣይምኾንኩን ነረ ወይ ኣይምረኸብኩን ነረ ኢሎም ይዛረቡ።

ክርስትያን እምብኣር ዝርአ መብራህቲ፥ መጠንቀቕታ ዝኸውን መብራህቲ፥ ዝመርሕ መብራህቲ እዩ። ክርስቶስ ጨው መብራህቲ ክንከውን ከም ዘሎና ክነግረና እንከሎ ምኽንያት ኣለዎ እዚ ኸኣ እቲ ጽቡቕ ግብርና መታን ክርአ እዩ። ሰባት ምስኦም ከሎና ኣብ ኣምላኽ ዝወስድ መገዲ ክንመርሖም ኣብ መንግኦም ኮና ቅሳነት ጣዕሚ ዘለዎ ሕይወት ክመርሑ ቀንዲ ተዋሳኢቲ ምእንቲ ክንከውን እዩ።

እምብኣር ሓደ ክንሓቶ ዘሎና ክሳብ ክንደይ እዩ ክርስትያናዊ እምነትና ብኹሉ ርኡይ ዘሎ፥ እዚ ኸኣ ብግልና፥ ከም ስድራ፥ ቍምስና፥ ሰበኻ ክንሓቶ ዘሎና እዩ። ኣብ ሕብረተሰብና ወይ ኣብ ከባቢና ክርስትያናዊ ምስክርነት ዘይበጽሖ ኣሎዶ እዚ ኸኣ ካብ ግለሰብ ክሳብ ሕብረተሰብ ወይ እውን ስድራ ዘጠቓለለ እዩ። ክርስትያናዊ መብራህቲ ኣብ ኩሉ ሕልና ክኣቱ ክበርህ ኣለዎ በዚ ኸኣ ሰላም ፍቕሪ ክነግስ ይክእል። ኣብ ጸጋ ጥምቀት ዝተቐበልናዮ መብራህቲ እምነትና ብዝያዳ ኣብሪህና ሎሚ እውን ኣጸቢቕ ክበርህን ከብርህን ሓግዘኒ ኢልና ንምንጪ ብርሃን ክርስቶስ ሓግዘኒ ንበሎ።

ብሩኽ ሰንበት።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ